# ትምክሕታዊ ሃላልነትን ዲፕሎማስያዊ ገልበጥበጥን ዝወለዶ ተነጽሎን ቁዘማን

ሓንቲ ሃገር ኣብ ኣህጉራዊ ዲፕሎማሲ ዝምድናታት "ባሕታዊት" እንተተባህለት፡ እዛ ሃገር ሃገር መፈሳዊት ቅብኢ ልእምቲ'ያ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ዝምድናታት ወይ ፖለቲካዊ ርክባት ሓንቲ ሃገር ባሕታዊት እንተደኣ ተባሂላ፡ ብኣንጻር መንፈሳዊት፡ ብኣንጻር ቅብእቲ ብኣንጻር ልእምቲ እትርእን እትልለን ምኽናን'ያ። እሞ እዛ ከም'ዚ ዝበለት ሃገር እንታይ ክኸውን ይኽእል መጻኢኣ? ካብ ዓለማ ተነጺላ ተኸዊላ ዘባህርር ማሕበራዊ ህይወት ምሕላፍ'ዩ። ካልእ ዕድል የብላን። ምስ ካልኦት ንቡር ርክብ ከይህልዋ ኮነ ኢልካ፡ ብመሬት፡ ብባሕሪ ብኣየር ዝተሓጽረት ሃገር'ያ ትኸውን። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ኣህጉራዊ ፖለቲኮ- ዲፕሎማሲ ዕለታዊ ህይወት ናይ ነባሪአ ህዝቢ ምረቓ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ዲቕ ዝበለ ፖለቲካዊ ዓፈና'ዩ። እቲ ንሓንቲ ከም'ዚ ዝበለት ሃገር ዝመርሕ ስርዓት ከ ብፖለቲካዊ ስትራተጂካዊ ሕርያኡ ኮነ ኢሉ ዝኣተዎ ብምኻኑ ብሕጊ ገበነኛ'ዩ። ብታሪኽ ወትሩ ተወቃሲ'ዩ።

ንፍቶ ንጽላእ ንእመን ኣይንእመን ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ሕሰምን ቁዘማን ሃዋህው ንነብር ዘለና ንሕና ኤርትራውያን ኢና። ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 25 ዓመታት ብርግጽ ሕሰምን ቁዘማን ተፈልይዋ ኣይፈልጥን። በሉስከ ክቡራትን ክቡራንን ኤርትራውያን ዘይከም ሰብ ተቐጺርካ ብዘቤታዊ መግዛእቲ ኣብ ባርነት እናነበርካ፡ ካባኻ ዝኸፍእ ኣሎ፡ ናብ ኣህጊራዊ ፖለቲኮ-መድረኻት ተመልከት ክትበሃል ምስ ምንታይ ይቑጸር? ብዛዕባ ተነጽሎ ሰሜን ኮርያ ብዛዕባ ዘይጻሒ ኲናት ማእከላይ ምብራቕ እንተተነግረካ እንታይ ዋጋ ኣለዎ? ናይ መኒና ምሕደራ'ዶ ይኸፍእ? ካብ'ዞም ብዓለም ዝተኻዕቡ ዝተፈንፈኑን ክልተ ስርዓታት ኤርትራን ኮርያን ኣብ ቅድሚ ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ገጽ መንኦም ተቐባልነት ኣለዎ? ስርዓት ኪም ጆንግ ኡን ብውሕዱ ዝምረሓሉ ናተይ ዝብሎ ስነ-ሓሳብ ኣለዎ። ህዝቡ ጠርኒፉ ድማ ይነብር ኣሎ። ከም በዓል ኣመሪካ ዝበሉ ዓበይቲ ጸላእቲ እንተለውዎ'ውን ከም በዓል ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ሩስያ ፈደሬሽን ዝበሉ ተደናገጽቲ ዝኾንዎ ዓበይቲ መንግስታት ኣለውዎ። ህግደፍ ከ በየናይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ይምዘን? ብዘይካ ገንዘብ ሂቡ ከም'ዚ ግበር ኣብ'ዚ እቶ ዝብሎ፡ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዝመሳሰሎን ዝመሓዘዎን መንግስቲ መን ኣለዎ?

እዚ ጉጅለ ብዘይካ ናይ ፍርሕን ጭካነን መጋብሩ ካልእ ናተይ ዝብሎ'ሞ ኣብ ህዝቡ ከስርጾ፡ ናብ ካልኦት ህዝብታትን ሃገራትን ከሰጋገሮ ከስፈሖ ዝሓዞ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳባዊ እምነት የብሉን። ነዚ ንሱ'ውን ስለ ዝተረደኦ'ዩ፡ ሃገር በቲ ንቡር ኣገባብ ምስ ካልኦት ሃገራት ካብ ምርኻብ ማዕጾ ሰጊጡ፡ ኣብ ጽምዋን ተነጽሎን ክነብር ዝመረጸ። ይኹን ግን፡ ንበይኑ ኣብ ጽምዋ ክነብር ዝመረጸን ብኹሉ መንግስታዊ ክብሪ ስኢኑ ህዝቡ ዘዋረደን ስርዓት ይኹን ደኣምበር፡ ክሳብ ብዋጋ ህይወት ኤርትራውያን ዜጋታትን ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራን ኣሕሊፉ ብምሃብ፡ መቃንዩ ዝኾና ገንዘባውን ነገራውን ትካቦ ንምቕራም፡ ሓንሳብ ምስ'ቲ ሓደ ካልእ ግዜ ከኣ ምስ'ቲ ካልእ ናይ ልኣኹኒ ጠለባት ኣየቕርብን ቀልባዕባዕ ኣይብልን ማለት ኣይኮነን። ዓሰብቲ እናቐያየረ ኣብ ኲናት ሕድሕድ ኣሕዋት የመናውያን ዝገብሮ ዘሎ ኢድ ምትእትታው ህያው ኣብነት'ዩ። ካብ'ዚ ተበጊሰ ድማ'የ እዚ ጉጅለ ብባህሪያቱ ተገላባጢ፡ ተለዋዋጢ፡ ምትእኽኻብ'ዩ ዝበልኒ።

ካልእ ናይ ተገላባጢ መርገጻቱ ኣብነት ከቕርብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፍላ ሰነ 2016 ሚኒስተር ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ዚ ስማዊ ስርዓት፡ ኣብ ፈረንሳ በጺሑ ነይሩ። ብኣጋጣሚ ድማ ሓደ ካብ ትካል ዜና ፈረንሳ 24 ሰዓታት ክቡር ሚኒስተር ብዛዕባ ኩነታት ጉጅለ 15 እንታይ ክትብለና ትኽእል ክብል ሕቶ የቕርበሉ። መልሲ ስማዊ ሚኒስተር ጉጅለ 15 ገና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ'ዮም ዘለው። እመነኒ ጥዕናኦም ዝተሃለወ'ዩ። ጉዳዮም ፖለቲካዊ ስለዝኾነ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ቤት ፍርዲ ከነቕርቦም ኢና ዝብል ነበረ። ልኡኽ ኢሳያስ ንመን ከደናግር ኢሉ ከምኡ ከም ዝበለ ብሩህ'ዩ። ንመንግስቲ ፈረንሳ ብኡ ኣቢሉ ከኣ ንኤውሮጳዊ ሕብረት ንምድንጋር ዝተዋህቦ ተልእኾ'ዩ ደርጒሑ። ካብ ተገላባጢ ባህሪ ናይ'ቲ ስርዓት ዝምንጩ መሰረት ዘይብሉ

ቃል ብምንባሩ ድማ፡ ብካልእ የማናይ ኢ.ድ ኢ.ሳያስ ኣፈወርቂ እቲ ሓሳብ ብወግዒ ተሃሪሙ። ስማዊ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ድማ ምንም ስልጣን ከምዘይብሉ ተቓሊዑ።

መንግስቲ ፈረንሳ ኮነ ሕብረት ኤውሮጳ ግን ብሃለውለው ናይ'ዚ ስማዊ ሚኒስተር ኣይተታለሉን ኣይተዳህለሉን። ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመዘ መርማሪ ኮሚሽን ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸም ዘሎ መሰረታዊ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ኣባል ሃገራቱን ከም ዘለዎ ተቐቢሎም ኣጽዲቐሞ። ንስማዊ ሚኒስተር ወጻኢ ዝምድናታት ህግደፍ ዘቃለዐ የማነ ማንኪ ዝተባህለ የማናይ ኢ.ድ ኢ.ሳያስ'ዩ። ንሱ ኣብ ክፍላ ሓምለ ናይ 2016 ኣብ ጀርመን ዑደት ገይሩ ነይሩ። ዕላማ ናይ'ቲ ዑደት ከም ስርዓት ኣብ ጀኔቫ ብ23 ሰነ 2016 ብደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጥን ደላዪ ሰላምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ንዝገጠሞ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ጽፍዒት፡ ኣብ ደገፍቱ ንዝበጽሐ ሞራላዊ ውድቀት ብሓሶት ዝተለውሰ ፖለቲካዊ መተባብዒ ብምሃብ ከም ቀደሞም ዝተዋህቦም ዕማም ብትግሃት ክፍጽሙ ንምርስሳን ዝዓለመ'ዩ ነይሩ። ማንኪ እግሪ መንገዱ  ምስ ሓደ መደበር ተሌቪዥን ቃለ መጠይቕ ገይሩ ነይሩ። እቲ መደበር ተሌቭዥን ካብ ዘቕረበሉ ሓቶታት ሓደ፡ ጉጅለ 15 ደሃይ ካብ ዘጥፍኡ 15 ዓመት ኮይኑ ብዛዕባኦም እንታይ ክትብለና ትኽእል ዝብል ነይሩ። ማንኪ ዝሃቦ ክምልስ እንከሎ፡ ብዛዕባ'ዞም ሰባት እዝን እዝን ክብል ኣይደልን። ብዙሕ ዝፈልጦ'ውን የብለይን። ሓደ ነገር ግን ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ። እዞም ሰባት ብዝፈጸምዎ ገበን ናይ ኢ.ዶም ክረኽቡ ዘይምኽኣሎም ግን ዕድለኛታት'ዮም ኢሉ። ተመልከቱ ፖለቲካዊ ገልበጥበጥን ዲፕሎማስያዊ ዝግ ዛግን ናይ'ዚ መንግስታዊ ጉጅለ።

ህግደፋውያን ኣብ ኣህጉራዊ ውዑላትን ስምምዓትን ክታሞም ዘንበሩ'ኳ እንተኾኑ፡ ግን ኣይምእዘዙሎምን። ክብረት ናይ ሰባት፡ ዞባዊ ኮነ ኣህጉራዊ ውድባትን መንግስታት የብሎምን። ብፍላይ ንኣፍሪቃውያንን ኣፍሪቃዊ መድረኻትን ወትሩ በቲ ስዲ ልሳኖም ምስ ኣነሸውዎም'ዮም። ልኡኻት ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ ኣብ ዋዕላ ኪጋሊ ተረኺቦም፡ ለበዋ መርማሪ ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውሳነን ሓደራን ተወከልቲ ሃገራትን ዝፈጠረሎም ሻቕሎት ስኽፍታ ኣንጸባሪቖም። ነቲ ኮረርምቲ ዘይብሉ መጋበርያ ናይ ካልኦት እናበሉ ዘናሽውዎ ኣፍሪቃዊ መድረኽ ድማ ናይ ኣድሕኑና ኢሎም ክመሻኸንሉ ተራእዮም። ኣብ'ዚ ግን ሓደ ፍልይ ዝበለ ዘይተለምደ ነገር'ዩ ተንጸባሪቑ። ዑስማን ሳልሕ ከም'ቲ ወትሩ ካብ ለኣኺኡ ኢ.ሳያስ ኣፈወርቂ ዝተዋህቦ መልእኽቲ ዘይኮነ፡ ብኣምባሳደር ኣመሪካ ነበር ሄርማን ሬይሞን ኮሄን  ዝረቐቐ ካብ ጸርፍን ፈኸራን ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃን ኣፍሪቃውያንን ዝተኣደበ ጽሑፍ'ዩ ኣቕሪቡ። ዘይባህሪኡም ክለብሱን ቋንቋ ዲፕሎማሲ ክላመዱን ገይርዎም ሄርማን ኮሄን።

እቲ ወጠም ጠም ግን መፋጥርቶም ስለ ዝኾነ ይገድፍዎ ማለት ዘበት'ዩ። ኣብ'ዚ ወርሒ ጥሪ ናይ 2017 መጀመርያ ሰሙን ውልቀ መላኺ ኢ.ሳያስ ዞባዊ ውድብ ኢ.ጋድ ብከምዚ ክውደብ ክተዓራረ ኣለዎም፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ዳግም ብከም'ዚ ክውደብ ኣለዎ። ባይቶ ሃገራት ዓረብ ኮነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብከም'ዚ ክውደቡ ክመዓራረዩ ኣለዎም እናበለ ዓጀው ክብል ተሰሚዑ'ዩ። ገዛኡ እንታይ ይመስል ግን ህዝቢ ኤርትራ ብኣካል ዝሳቐየሉ ዘሎ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከኣ ኣማዕድዩ ዝከታተሎ ዘሎ'ዩ። መን መጀመርያ ምትዕርራይ ክገብር ዘለዎ? እዞም ዝዘልፎም ዘሎ ውድባት ወይስ ንሱን ስርዓቱን?  እዚ ሰብ ክብረት ህዝብን ሕግን ከም ዝፈልጥ፡ እገዳ ኣልዕሉልና፡ መሬትና ኣረክቡና ኢሉ ክሓትት ምስማዕ ካልእ ዘገርም ገጹ'ዩ። ዲፕሎማሲ ዓወት ግን ካብ ንጹር ፖለቲካዊ መርገጻት'ዩ ዝርከብ። ብገልበጥበጥ ዝርከብ ዲፕሎማስያዊ መኽሰብ ግን ኣብ ሎቕመጽመጽ ዝተሰረተ ኮይኑ፡ ክሳብ ሓቀኛ መንነትካ ዝቃላዕ'ዩ።

ዛህራ ሓሽም

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 01-02-2017